# መስከረም ደሃይ ሃቢ!

መስከረም መስከረም ኬንክና ዳስ ጭዉያ

ትእምርትኺ ነይሩ ተስፋ ብኻዕቦ
ክራማት ወጺኡ ብስራት ቀውዒ ዚሕፈሶ
ብሓምሊ ተሓሊፉ ዚትርከሶ ብገዓት ብቦሶ
ጠምዩ ዚተሰደደ ዚምለሶ
ሓረስታይ ተፈሲሁ ክርኢ ጻማ ዚሓረሶ።

ባህርኺ ተቐይሩ ከም ፖለቲካ ዘመንና
ዓርከ-መሓዛ ኬንኪ ምስ ህግደፍ መንጠሊና
ህዝቢ ዘብርስ ዘይብሉ ሕልና
መጓዕዝቱ ዚኸትር ኣብ ደበና
መቓልስቱ ዘጥፍእ ተመኹሊዩ ብገደና
ንፈተውቱ ዚቓጸ ኣብ ጉደና
ንዚሰገዱሉ ዚቐልዕ ብቡኛ
ንዘገልገሉዎ ዚድርቢ ከም ባሊና።

ብርሃን ኣሎ ክትብሎ ዘጸልምት
ሰላም ኰይኑ ክትብል ዘኽትት
ብሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰይ ዘጽንት።

መስከረም መስከረም ኬንክና ዳስ ጭዉያ!

ብጃምላ ወሲድኪ ዘይመለስኪ መራሕቲ
ኣስዓብኪዮም ደኣ ደረስቲ ሰነድቲ
ወሓጥኪዮም ተስፋ መጻኢ ወለዶ ተካእቲ
ዓበስኪዮም ውዕሎ ዚትርኹ ሊቃውንቲ
ዓገብ ዚበሉ ኵሎም ዓበይቲ
ኣቦን ኣደን ተጥፍኢ ብሓንቲ
ደቂ ሓንቲ ማህጸን ትስውሪ ዘይብሎም ነጋሪ
ንዚሰንከሉ ከይነሓፍኪ ትጀሃሪ
ንጠበቓ ትነቑትዮ ናብ ጓህሪ
ንሽማግለ ተኹርምይዮ ኣብ ምድሪ
ቀሽን ሸኽን ትውግዚ ብትሪ
ንፓትርያርክ ትኸሲ ኣብ ዘይብሉ መስካሪ
ንህጻናት ተዘኽትሚ ዘይብሎም ጠዋሪ
ነዴታት መበለት ትገብሪ።

ንተስእ ሃገራዊያን ኣለሊናዮ ኣሎና ጸላኢና
ነጊሩና ኢዩ ከም ዘይኮነ ናትና
ከዳዓት ዚበሎም ኰይኑዎ መናውሒ ከኒና
ኣይንጠራጠረሉ ባዕሉ’ዩ ነጊሩና
ኣይርከብን’ዩ ፍትሒ ካብ ጸላኢና
ነዳዲ ንወስኽሉ ተበግሶና
ኢድ ንኢድ ንስራሕ ንለዉጢ ሓቢርና
ቅዋም’ዩ ፍትሒ ንኹልና።

ፍትሒ ንእሱራትና
ራህዋ ንህዝብና
ንቃለስ ንቅዋምና።

ኣልጋነሽ ተወልደ
18 መስከረም 2022